# ማዕቀብ (ብድምጻዊ በረኸት መንግስትኣብ)

እዚ ክቡር ህዝቢ ፡ ጥሙር ሓደ ልቢ፡
ጸላእቱ ተበዝሑ፡ መዓስከ ፈሪሑ፤

ማዕቀብ ናይ ምንታይ ሰበብ፤
ወያነ እንከሎ መሬትና ዝወረረ፡
ማዕቀብ ንዓና ግምጥልሽ ኀቦጨረ፡
ፍርደ-ግምድል፡
ንዓባ ሕደግ ፡ ሚዛንካ ኣደላድል፡
ደጋጊምካ ኣይትበድል።

ማዕቀብ ናይ ምንታይ ሰበብ፤
ወያነ እንከሎ መሬትና ዝወረረ፡
ውዕል ኣልጀርስ እንከይተተግበረ፡
ፍርደ-ግምድል፡
ንዓባ ሕደግ ፡ ሚዛንካ ኣደላድል
ደጋጊምካ ኣይትበድል።

ብዘይ ጭቡጥ ወረ ፡ ዘይብልካ መርትዖ፡
ኣልዕል ኣቢልካዶ ፡ ንማንም ትቐጽዖ፡
ንፍትሒ ቐቲልኩም ብሓንኳል ቃሪዖ፡
ገባር እከይ ግብሪ ክንደይ ከይቀንዖ፡
ገባር እከይ ግብሪ ክንደይ ከይቐንዖ።ክንደይ ከይቐንዖ።

ማዕቀብ ናይ ምንታይ ሰበብ፤
ወያነ እንከሎ መሬትና ዝወረረ፡
ውዕል ኣልጀርስ ከይተተግበረ፡
ፍርደ-ግምድል
ንዓባ ሕደግ ሚዛንካ ኣደላድል
ደጋጊምካ ኣይትበድል።

ሓድሽ'ኳ ኣይኰነን ግዜ ተቐየረ፡
ንሱ'ዩ 'ቲ ማዕቀብ ቀደም ዝነበረ፡
ካብ ጊዜ ኣርብዓታት ሒዙ ተጻረረ፡
ናጽነት ኤርትራ ጅሆ ዝገብረ፡
ናጽነት ኤርትራ ፡ ጅሆ ዝገብረ፡ ጅሆ ዝገበረ።

ማዕቀብ ናይ ምንታይ ሰበብ፤
ወየነ እንከሎ መሬትና ዝወረረ፡
ማዕቀብ ንዓና ግምጥልሽ ኀቦጨረ
ፍርደ-ግምድል
ንዓባ ሕደግ ሚዛንካ ኣደላድል፡
ደጋጊምካ ኣይትበድል።

ንመን'ዩ ከዐሹ ፡ ኣረጊት ሽጣራ፡
ወትሩ ስሙር ጥሙር ፡ ህዝቢ ናይ ኤርትራ፡
መራሕትን ሰረትን፡ ሓደ ኣካል ስድራ፡
ንዓና ዝቕሽሽ ፡ ቦታ የብሉን ስፍራ፡
ንዓና ዝቕሽሽ ፡ ቦታ የብሉን ስፍራ
ቦታ የብሉን ስፍራ። ፋዓራ የብልናን ፋዓራ።

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ከቢድ ፈተነ፡
ወትሩ ምስ ሓነነ።

ማዕቀብ ናይ ምንታይ ሰበብ፡
ወያነ እንከሎ መሬትና ዝወረረ፡
ማዕቀብ ንዓና ግምጥልሽ ኀቦጨረ፡
ፍርደ-ግምድል
ንዓባ ሕደግ ፡ ሚዛንካ ኣደላድል
ደጋጊምካ ኣይትበድል።

ንሕና ኢና ንሕና፡ የብልናን ሰምባዲ
ኣጽሒናዮ'ንዲና ክንደይ ሰርቢ ነጉዲ
ሓራ ዝወጻእና ፡ ደምሲስና ንባዕዲ
ዝተኾበልና የለን ፡ ናይ ናጽነት ዘውዲ፡
ዝተኾበልና የለን ፡ ናይ ናጽነት ዘውዲ፡
ናይ ናጽነት ዘውዲ።

ህዝቢ ኤርትራ ነዛ ናጽነቱ ክድርዓ ክብሪ፡
ከም ወርቂ ዝፍተን ኣብ ረመጽ ኣብ ጓህሪ።

ብዘይ ጭቡጥ ነገር ዘይብልካ መርትዖ፡
ኣልዕል ኣቢልካዶ ንማንም ትቐጽዖ፡
ንፍትሒ ቐቲልካ ብሓንኳል ቃሪዖ፡
በዓል እከይ ግብሪ ፡ ክንደይ ከይቀንዖ፡
ክንደይ ከይቐንዖ።

ሓድሽ'ኳ ኣይኰነን ተተቐያየረ
ንሱ እንድዩ 'ቲ ማዕቀብ ቀደም ዝነበረ፡
ካብ ጊዜ ኣርብዓታት ሒዙ ተጻረረ፡
ናጽነት ኤርትራ ጅሆ ዝገብረ፡
ጅሆ ዝገብረ።

ንመን'ዩ ከዐሹ፡ ኣረጊት ሽጣራ፡
ወትሩ ስሙር ጥሙር ፡ ህዝቢ ናይ ኤርትራ፡
መራሕትን ሰረትን፡ ሓደ ኣካል ስድራ፡
ንዓና ዝቕሽሽ ፡ ቦታ የብሉን ስፍራ
ቦታ የብሉን ስፍራ።

ንሕና ኢና ፡ ንሕና ፡ የብልናን ሰምባዲ፡
ኣጽሒናዮ'ንዲና ክንደንይ ሰርቢ ነጉዲ፡
ሓራ ዝወጻእና ደምሲስና ንባዕዲ፡
ዝተኾበልና የለን ፡ ናይ ናጽነት ዘውዲ፡
ናይ ናጽነት ዘውዲ፡ ዘውዲ።